ኤርትራዊ ሃገራዊ ግንባር

الجبهة الوطنية الاريترية

Eritrean National Front

# መግለጺ ኤርትራዊ ሃገራዊ ግንባር(ኤሃግ)

## ብኣጋጣሚ ሓድሽ ዓመት፤

ሰፊሕ ግንባርና ኤርትራዊ ሃገራዊ ግንባር(ኤሃግ) ካብ'ቲ ዝቃለስሉ ዘሎ ህዝባዊ ዲሞክራስያዊ መትከላትን እምነታትን ዝነቅልን፡ መግለጺ ሰናይ ትምኒትን ባህግን ከምኡ'ውን ንህዝቢ ኤርትራ ዘለዎ ልዑል ክብሪን ኣብ'ዚ ዓመተ 2019 ተወዲኡ ናብ ሓዱሽ ዓመት 2020 ዓ.ም. ኣብ ንኣትወሉ ዘሎና ግዜ፡ ርሑስ ሓዱሽ ዓመት፡ ዘመነ ህውከትን ዕግርግርን ኣኽቲሙ ሰላም ዝሰፍነሉ፡ ምልኪ ተሳዒሩ ፍትሒ ዝነግሰሉ፡ መከራን ሕሰምን ኣብቂዑ ራህዋን ዕብየትን ጥጡሕ መነባብሮን ዝዕምብበሉ እዋን ክኸውን ይምነ።

ኤርትራዊ ሃገራዊ ግንባር(ኤሃግ)፡ ካብ'ቲ ተሓንጊጥዎ ዘሎ ህዝባዊ ዕላማን መንፈስን ተበጊሱ፡ ሰናይ ትምኒቱ ክገልጽ እንከሎ፡ ብመንጽር ኣብ ሃገርና ኤርትራ ተኸሲቱ ዘሎ ኩሉ ዓይነት ኣደራዕ፡ ናይ ዕንወት፣ ብርሰትን ምብታትንን ሓደጋ ኣብ ግምት ብምእታው እምበር ተራ ትምኒት ኣይኮነን። ከም'ቲ ኩልና ዘይንስሕቶ ኣብ ካልኦት ህዝብታት ዓለም፡ ጽምበል ሓዱሽ ዓመት ኣብ ዝመጻሉ እዋን፡ ነቲ ሓዱሽ ዘመን ብሓጎስን ፍስሃን፡ ኩሉ ኣካል ስድራቤት ካብ ዝወፈሮ ተኣኻኺቡ ዝጽምብሎ ኢዩ። ዘይከም ባህግና፡ ንሕና ከም ህዝቢ፡ ንሰላም ኮነ ውሑስ ሂወት ንምትንጻፍ፡ ንልዕሊ ፍርቂ ዘመን ተቓሊስና ኢና፤ ስለዚ ኣብ'ዚ ዓለም ካብ ዘለዉ ህዝብታት፡ ሰላምን ቅሳነትን፡ ቅድው መነባብሮን ልዕሊ ኩሉ ንመን ይግበኦ? እንተ ዝብሃል'ሲ ንህዝቢ ኤርትራ ኢዩ። ምኽንያቱ ንሰላም መዳርግቲ ዘይብሉ መስዋእትን፡ መተካእታ ዘይብሉ ሂወት ብሉጻት ዝወፈየ ህዝቢ ሰለዝኾነ። ዘራጊ ማይ ከሎ ጽሩይ ማይ ሰለዘይስተ ግን፡ እቲ ምእንቲ ናይ ብዙሓት ነባሪ ሰላምን ቅሳነትን ንምርግጋጽ ዝተኸፈለ ከቢድ ዋጋ፡ ብኣዝዩ ዉሑዳት ተጨውዩ፤ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ'ቲ ብቃላት ክትገልጾ ዝሕርብት ኣዝዩ ከቢድ ሓደጋ ዝኸበቦ ኩነታት ይርከብ።

ኤርትራዊ ሃገራዊ ግንባር(ኤሃግ) ኣብ'ዚ ሓዱሽ ዓመት፡ ምስ ህልው ኩነታት ህዝብን ሃገርን ኣመልኪቱ ክሕልፎ ዝደሊ መልእቲ እምበኣር፦

- ንዝሓለፈ 28 ዓመታት፡ ኤርትራ ሃገርና ብዘይ ፍቓድን ሕርያን ህዝቢ፡ ብሓይሊ ብረት ስልጣን ገቢቱ ዘሎ ገባቲ ጉጅለ ህግደፍ፡ ኤርትራ ብዘይ ንቡር ስርዓተ ምሕደራን ቅዋምን፡ ብዘይ ሕጋዊ ባይቶን፡ ብሕጊ ጫካ ግበር ኣይትግበር ክገዝእ ጸኒሑን ኣሎን። ከም ውጽኢቱ ኩነታትና ብኹሉ መዳዩ ዓመታዊ ካብ ዝሓመቐ ናብ ዝገደደ ክንቆልቁል ይርከብ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ምቕባል ሓዱሽ ዓመት ከኣ፡ ሰናይ ትምኒት ካብ ምምናይ ሓሊፉ ዝተጨበጠ ኣወንታዊ ለውጢ የሎን። እኳ ደኣ፡ ነገራት ጽባሕ ጽባሕ ካብ ዝኸፍአ ናብ ዝገደደ ክምዕብሉ ንርኢ ኣሎና። ነቲ ሕማቕ ኩነታት ንምቕያር፡ ነቲ ንምነዮን ንብህጎን ነባሪ ሰላም ንምውሓስ ዝድለ ተበግሶታት ክውሰድ ኣይጸንሐን። በዚ ከኣ ህላወናን ቀጻልነትናን ከም ህዝቢ፡ መጻኢ ዕድል ሃገርና ኣብ ከቢድ ሓደጋ ክሸመም ይኸውን ኣሎ። በዚ ዘለናዮ ኩነታት ህላወና ኣብ ፍጹም ሓደጋ ይወድቕ ሰለ ዘሎ ኣብ'ዚ ዝመጽእ ዘሎ ሓዱሽ ዓመት፡ ካብ'ቲ ገጢሙና ዘሎ ሓደጋ ንወጻሉ ሕኑንን ዉዑይን ቃልሲ ከነካይድ ግድን ይኸውን።
- እቲ ረዚን ዋጋ ተበጅይዎ ዝተረጋገጸ ልዑላውነትና፡ ህግደፍ ጸቢብ ፖለቲካዊ ረብሓታቱን ሕልምታቱን ከርዊ ክብል፡ ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ርብዒ ዘመን፡ ምስ ኩሎም ጎረባብቲ ሃገራት፡ ዶብ ኣሳቢቡ ዝወለዮ ዘይሓላፍነታዊ ኲናት፡ ልዑላዊ ክብረት ኤርትራ ክድፈር ከም ዝገበሮ ዝፍለጥ ኢዩ። ካብ'ዚ ሓሊፉ ልዑላዊ መሬት፡ ገማግም ባሕሪ ኤርትራ ብዘይ ኣፍልጦ ህዝቢ፡ ንናይ ግዳም ሓይልታት ክሽየጥ፡ ቀይሕ መስመር ሰጊሩ ብጉልባብ ምጅማር መስርሕ ሰላም፡ ምስ'ቲ ኣብ ጎረቤት ሃገር ኢትዮጵያ ስልጣን ሒዙ ዘሎ ሓይሊ፡ ትሕዝትኡ ዘይተነጸረ ውዕላትን ስምምዓትን ይፈራረም ኣሎ። ብተወሳኺ፡ ውልቀ መላኺ፡ መራሒ ገባቲ ጉጅለ ህግደፍ ኣብ'ዚ ናይ ቀረባ እዋናት፡ ኣብ ኢትዮጵያ ብተደጋጋሚ ዑደት ኣብ ዝገብረሉ ዘሎ እዋን፡ ዝሃቦ መግለጺታት፡ እቲ ስዉር ድሌታት ኢሳያስ/ ህግደፍ እንታይ ምዃኑ ከም ጸሓይ ቀትሪ ኣድማቒዎ ኣሎ።

ሰለ'ዚ እምብኣር ከም ህዝቢ፡ ጉዳይና ካብ ግዜ ናብ ግዜ ይተሓላለኽን፡ ካብ ቁጽጽርና ወጻኢ ይኸዉንን ሰለዘሎ፡ ኣብ'ዚ ሓድሽ ዓመት 2020፡ ከም ኤርትራ ሃገራዊ ግንባር እዚ ዝስዕብ መጸዋዕታ ከነቕርብ ንደሊ።

- ናብ ኤርትራውያን ሃገራውያን ተቓለስቲ ፖለቲካውያን ሓይልታት፡ ከም'ቲ ኣብ ባይታ ዘሎ ሓቂ፡ ኲነታት ሃገርና ካብ ኢድ ዋናታቱ ወጻኢ ዝኾነሉ ኲነታት ይኽሰት ብምህላዉ፥ ካብ'ዚ ሓሊፉ'ውን ገባቲ ጉጅለ ህግደፍን መራሒኡን፡ እቲ ናይ ኣጥፊእካ ጥፋእ ናይ ዕንወት መንገዱም፡ ብግልጺ ኣብ ትግበራ ንምውዓል ይሸባሸቡ ብምህላዎም፡ ልዕሊ ዝኾነ እዋን ፖለቲካዊ ሓይልታት ዘለዎም ኩሉ ካልኣዊ ፍልልያት ብምውንዛፍ፡ ህጹጽ ናይ ዘተ መድረኽ ብምፍጣር፡ ዓቕምታት ዝጥመረሉ፡ ሰፊሕ ሃገራዊ ጽላል ብምፍጣር፡ ነቲ ኲነታት ዝምጥን ኩለንተናዊ ቃልሲ ክንዓምም ግድን ይኸውን። እቲ ግዜ ከኣ ሕጂ ኢዩ። ህላወ ህዝብን ሃገርን ልዕሊ ኩሉ ስለዝኾነ፡ ሃገር ቀዳምነት ብምስራዕ፡ ኣብ'ዚ ሓዱሽ ዓመት ልሉይ ዕዮ ቃልሲ ከነሳልጥ ንጽውዕ።
-  ህዝብና፡ ነቲ ገባቲ ጉጅለ ህግደፍ ኣብ ዝባኑ ከም ጭርናዕ ተኾይጡ ዘውርደሉ ዘሎ መዳርግቲ ዘይብሉ ግፍዕታት መንቀሊ ብምግባር፡ ዘለዎ ወጽዓታት ምላሽ ንምሃብ፡ በቲ ካልእ ገጽ ከኣ፡ እቲ ቀይዲ በተኽ ኣካይዳ  ጉጅለ ህግደፍ ኣብ ጉዳይ ልዑላውነት ሃገር ዝግበር ዘሎ ዝተፈላለዩ ወስታታትን ምድ'ፋእን ብምርዳእ፡ ካብ ዝሓለፈ ዓመት ኣትሒዙ ኣንቂልዎ ዘሎ ዓይነታዊ ምልዕዓል ህዝባዊ ተቓዉሞ ብዝሓየለ መዳዩ ክቕጽል፣ እቲ ተጀሚሩ ዘሎ ዉዳቤታት ንጹር ራእይን ቅኑዕ ዕላማን ሰኒቑ ክሰጥም፣ ከምኡ'ውን መድረኻዊ ዕማማቱ ከነጽር፡ እቲ ዘለናዮ ኲነት ይሓትት ምህላው ምርዳእ የድሊ። ኣብ ካልኦት ከባቢታት ዘለዉ ኤርትራውያን ሃገራውያን በቢከባቢኦም ክዉደቡን ክጥርነፉን፡ ፖለቲካዊ ማሕበረሰብ ብምህናጽ፡ ኣብ'ቲ ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ ሃገራዊ ሓላፍነቶም ክዓሙ ንጽውዕ። ኤርትራዊ ሃገራዊ ግንባር(ኤሃግ) ኣብ ምሕያልን ምድልዳልን ህዝባዊ ምልዕዓል "ይኣክል" እጃሙ ከበርክት ድለው ምዃኑ ከረጋግጽ ይፈቱ። ምስ'ቶም ወደብቲ ኣካላቱ ክዛተ'ውን ድለው ኢዩ።
-  እቲ ከም ህዝብን ሃገርን ዘለናዮ እዋን ኣዝዩ ተኣፋፍን ተነቃፍን፡ ህጹጽ ፍታሕ ዘድልዮ ሰለዝኾነ፡ ኩሉ ኤርትራዊ ሃገራዊ ብጉዳዩ ዝግደስ፡ ኣብ ውሽጥን ወጻኢን ኣብ'ዚ ሃገራዊ ዉራይ ክሳተፍ፡ እጃሙ ከበርክት ካብ ኣማዕዲካ ምዕዛብን ምጽባይን ተናጊፉ፡ ኣብ'ዚ ህዝብን ሃገርን ናይ ምድሓን ወፍሪ ክሳተፍ ንጽውዕ።
-  ከም'ቲ ኩላትና እንሰማማዓሉ፡ ቁንጮ ህግደፍ ካብ ህዝባዊ ረብሓ ንላዕሊ፡ ጸቢብ ውልቃውን ጉጅላውን ግዚያዊ ረብሓታቶም ኣቐዲሞም ሃገር ብኹሉ መዳያ ኣብ ምዕናው ተጸሚዶም ይርከቡ ። ገለ ብግርህናን ብዘይ ፍላጥን፡ ኣብ'ዚ ህዝቢ ኣብ ምብራስን፡ ሃገር ኣብ ምዕናው ዝግበር ዘሎ ወፍሪ ጥፍኣት ትሳተፉ ዝጸናሕኹምን ዘለኹምን፡ ኣብ'ቲ ጸሊም

ታሪኽ ካብ ምስታፍ ኢድኩም ትስሕብሉ፣ ሃገራዊ ክሕደት ካብ ምፍጻም ትቑጠቡሉ እዋን ሕጂ ሰለዝኾነ፡ ካብ ቀንጠብጠብ ክትቁጠቡ፡ ብምኽንያት'ዚ ሓድሽ ዓመት ንጽውዕ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኩሉ ክግንዘቦ ዘለዎ ፍሉይ ሓቂ ጠቒስና ክንድምድም፤ ንዘመናት ተምበርኺኹን ተጻዒዱን ዝነብር ህዝቢ ከቶ የሎን። ስለዚ ህዝቢ ኤርትራ ካብ'ዚ ወሪድዎ ዘሎ ሰፍ ዘይብል መከራ፡ ከም ወርቂ ብሓዊ ተፈቲኑ፡ ነቲ ናይ ጥፍኣት ኩነታት፡ ኣብ ማዕርነታውን ብዙሕነታውን ሓድነት ዝተሰረተ፡ ስጡም ዉደባ ብምህናጽ ኣቢሉ፡ ዳግም ታሪኽ ብምስራሕ፡ ህላውነቱን ቀጻልነት ሃገሩን ኣውሒሱ፡ ኩሎም ጸረ ህዝብን ጸረ ሰላምን ዲሞክራስን ጸላእቱ፡ ኣብ'ታ ባዕሎም ዝኹዓቱዋ ጉድጓድ ሲኣል ቀቢሩ ብዓወት መሰሰ ክብል ኢዩ።

እዚ እንፍልጦ ዘሎና ሓድሽ ዓመት፡ ዓመተ ኩሉ ሰናይ ዝበለ ክኸውን ንምነ።

ብዙሕነታዊ ሓድነትና፡ ንድሕነት ሃገርና!!
ኤርትራዊ ሃገራዊ ግንባር (ኤሃግ)
1-ጥሪ-2020 ዓ.ም.